## ኣብነት ናይ ምጽራይ ዝርዝር

ተካራያይ ዋና ገዛ ናይ ምጽራይ ዝርዝር ኣንተለዎ ኩሉ ግዜ ከረጋግጽ ይግባእ ።

ዋና-ገዛ ናይ ምጽራይ ዝርዝር እንተዘይብሉ ፣ ተካረይቲ ቅድሚ ካብ ገዛ ምውጻኦም

ክጥቀሙሎም ዝኽእሉ ዝተገሙቱ ናይ ምጽራይ ዝርዝር እዞም ዝስዕቡ እዮም ።

☐ ውሽጥኝ ፣ ወጻኢን ፣ ድሕሪትን ታሕትን ፍሪጅ ኣጽሪ ፣ ረጊኡ ዘሎ በረድ ኣልጊስካ ንሙብረዲ ኣጽሪ።

☐ እንተ ሓይሊ ሙብራህቲ ተቆሪጹ ማዕጾ ፍሪጅ ክፉት ግደፎ ።

☐ ውሽጥኝ ወጻእኝ ድሕሪትን ትሕትን እቶን ኣጽሪ ፣ ንፎርኖን፡ ኣብ እቶን ዝርከቡ ነደድትን ኣጽሪ ።

☐ ከብሒታት ብውሽጥን ደገን ሕጸብ ።

☐ ውሽጥን ደገን ናይ ኩሎም መሳኹትን መዓጹን ሕጸብ።

☐ መናድቅን ምድሪ ቤታትን ሕጸብ ።

☐ ዘንጊ መጋረጃን ሽፋን መሳኩትን ንገፍ ወይ ነቲ ናትካ ብናይ ዋና ገዛ ተካኣዮ ።

☐ ንመንበድበዲ ፣ መርዋሓ ተሳኹዕቲ ኳረንቲ ንገፍ ወይ ሕጸብ ። ዝተቃጸሉ ኣንፑል ቀይር

☐ ትኪ መቆጻጸሪት ተቆጻጸር፡ እንተ ኣድሊዩ ባተሪ ቀይር

☐ ክፍሊ መሕጸቢ ( ባኞ) ብምሉኡ እንተላይ ነቲ ባስካ ማቶነላ ፣ ምድሪ ቤት፡ መሽረብ ማይ ፣ መስትያት ፣ ከብሒ

መድሓኒት ፡ሽቃቅ ፡ከብሕታትን ኣጽሪ ።

☐ መንጸፍ ምድሪ ቤት ኣድላይ እንተኾይኑ ኣጽሪ

# መወከሲ ንተካረይቲ

**ናይ ክራይ ኣሃዱ(ክፍሊ )**

☐ ንተወስኸቲ ንብረት ከም በዓል ብሽክለታ፡ሽናጡ ወዘተ መኽዘኒ ቦታ ኣለዎ"ዶ ? ነዚ ቦታ እዚ መን ክጥቀመሉ ይኽእል ?

☐እቲ ዝቀረበ ኣውቶቡስ ጠጠው ትብለሉ ቦታ ኣበይ እዩ ?

☐ እቲ ቦታ ክራይ ንመዓልታዊ  ኣገልግሎታት(ዱኳን መግቢ፡ባንክ፡ምውስዋስ ኣካላት) ቀረባ ድዩ ?

☐ እቲ ናይ ክፍሊ ኣሃዱ(ክፍሊ) ጽሩይ ድዩ ? በረድ ዝግሕግሕን ጻዕሪ ዝቆርጽን መን  እዩ ? እቲ መሳረሒ (ባደላታት ፡ ጻዕሪ ትቆርጽን ማሺን) መን እዩ ዘቅርብ ?

☐ ተሽከርከርቲ ኣበይ ክዕሽጋ ይከኣል ? ኣብ ደገን ኣብቲ መዕሸጊ ቦታን እኹል  መብራህቲ ኣሎ"ዶ ?

☐ ኣብ ግዜ ምሸት ንከተጽንዕን ክትድቅስን ክሳብ ክንደይ ህዱእ ወይ ጫውጫውታ እዩ እቲ ከባቢ ?

☐ መሕጸብ ክዳውንቲ መሳረሒታት ኣለዎ"ዶ ? እቲ ዝቀረበ መሕጸቢ ኣበይ እዩ ?

☐ እቲ ሕንጻ ናይ ኢንተርነት ኣገልግሎት ኣለዎ'ዶ ወይ ክትከሎ ይከኣል'ዶ ?

**ፋይናንስ (ውጻኢታት)**

☐ ክራይ ገዛ ክንደይ እዩ ?

☐ ናይ ውሕስነት ትሕጃ የድሊ'ዶ ? ክንደይ እዩ ? እቲ ክራይ፡ ሙቀት ፡ማይ፡ መብራህቲ ተለቪዥን ወይ ኢንተርነት የጠቃልል'ዶ ?

☐ ናይ ኪሺነ መሳሪሒታት ክፍሊት ተወሳኺ ድዩ ክኸውን ? ንዝያዳ ሓበሬታ ን'መብራህትን ባህርዊ ጋዝ ኮንትራት ፡ [www.servicealberta.ca/644.cfm/#tipsheets](www.servicealberta.ca/644.cfm/#tipsheets) ተወከስ ።

☐ ዋጋ መዕሸጊ ተወሳኺ'ድዩ ? ክንደይ እዩ ?

☐ ንነኣሽቱን ዓበይትን ምትዕርራይ መን'ዩ ክኸፍሎ ዝግባእ ?

**ምስ መካረይትኻ  ዘይምርድዳእ ውግድ**

☐ ነቲ ናይ መቀመጢ ክራይ ስምምዕ መን ኢዩ ዝፍርመሉ ? ኣብቲ ናይ ክራይ ስምምዕ ኩሎም ኣካላት ክስመዩ ዝበለጸ ኢዩ ?

☐ ሓደ ሰብ ቅድሚ'ቲ ናይ ክራይ ውዑል ምውድኡ ክወጽእ ምስ ዝደሊ እንታይ ይኸውን ?

☐ ዋጋ ብኸመይ ይምቀል፡ሕሳባትካ ብኸመይ ኢዩ ክኽፈል ?

☐ ሽግራት ብኸመይ ኢዮም ክፍተሑ ?

**ሕቶታትን  ኣብ  ግምት ምእታውን**

☐ እቲ ናይ መቀመጢ ክራይ ስምምዕ ንዝተወሰነ ግዚ ድዩ ወይስ ካብ ወርሒ  ን ወርሒ ?

☐ እቲ ክራይ ኣበይን መኣስን ኢዩ ዝኽፈል ? እንተ ዶንጎየ' ኻ እንታይ ይኸውን ? ንዝኾነ ቅብሊት ምህላው ኣገዳሲ ኢዩ ።

☐ ሽግር እንተ ተረኺቡ ንመን ኢኻ ትራኽብ ?

☐ ናይ ተኻራያይ ውሕስነት ሰሪዕካ'ዶ ?

☐ ንኻልእ ሰብ ከተካሪ ቅቡል ድዩ ? መካረይቲ'ኸ ከመይ ኢዩ?

☐ እንስሳ ምሳኻ ክተቅምጥ ፍቁድ ድዩ ?ትሕጃ የድሊ'ዶ ? ሽጋራ ምትካኽ ይፍቀድ ዲዩ ?

☐ ኣጋይሽ ክሳብ ክንደይ ምሳኻ ክጸንሑ (ክቅምጡ) ይኽእሉ?

☐ ነቲ ክፍሊ(ገዛ) ናተይ ክሽልም እኽእል'ዶ ?  ብዛዕባ ነኺላት ናይ ምስማር ኣብ መንደቅ ከመይ ኢዩ ሕጉ ?

☐ ግዜ ካብ ገዛ ምውጻእ ምስ ዝኣኽል፡ ምልክታ መኣስን ኣበይን ኢዩ ዝወሃብ ?

☐ እቲ ናይ ቁጽጽር ጸብጻብ መኣስ ኢዩ ዝግበር ?

☐ ቅዳሕ ናይ ኩሉ ናይ ምክራይ መዛግብትኻ፡እንተላይ ናይ ክራይ ስምምዕ፡ናይ ቁጽጽር ጸብጻብን ቅብሊትን ዓቅቦ ።

አገልግሎት አልበርታ!